# ረኽሲ ጃርድያ

## ሓበሬታ ንሕሙማት። መንሹር ሓካይም ለበደ።

## ጃርድያ እንታይ'ዩ?

ጃርድያ: ውጽኣት: ዕግርግር: ከምኡ'ውን ኣብ ከብዲ ጋዝን መንፋሕትን ዘኸትል ጽግዕተኛ መዓንጣ'ዩ። ለጊቡካ ክሳዕ ትሓምም ካብ 1-2 ሳምንታት ይወስድ። ለጊቡካ ከሎ'ውን ከይትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ነ ዚ ሕማም ረኽሲ'ዚ ብጸረተህዋስያን (ኣንቲብዮቲካ) ምፍዋስ ይከኣል። ጃርድያ ሕክምና እንተ ዘይወሲድካሉ ኣብ መዓንጣ ንነ ዊሕ ጊዜ ኪጸንሕ ይኽእል'ዩ።

## ብኸመይ ይለግበካ፣ ንኻልእከ መዓስ ከተላግብ ትኽእል?

ጃርድያ ብልሙድ ጽግዕተኛ ብዘሎዎ መግቢ ወይ መስተ ይለግብ። ጃርድያ ምፍላሕ ስለዝቐትሎ: ብዝግባእ ዝበሰለ ወይ ዝተቐልወ መግቢ ምንም ሓደጋ የብሉን። እዚ ጽግዕተኛ'ዚ ኣብ ቀልቀል ይርከብ'ዩ፣ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከኣ ኪላባዕ ይኽእል። ስለዚ ጽሬት ኢድን ሽንቲቤትን ምሕላው ኣገ ዳሲ'ዩ። ኣብ እዋን ውጽኣት ተላባዕነ ቱ ዝለዓለ ኮይኑ፣ ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ምስ ወሰድካ ግን ቀልጢፉ ይንኪ። እቲ ኣውራ ልሙድ: ኣብ እዋን መገ ሻ ኣብ ወጻኢ ኪሕዝካ'ዩ፣ ይኹን'ምበር ምዝርጋሕ ለበደ ኣብ ሽወደን'ውን ኣሎ።

ነ ዞም ዚስዕቡ መምርሒታትን ምኽርታት ጽሬትን ብምኽታል: ሕክምና ጸረተህዋስያን ዝወሰደ ምልክት ሕማም ዘይብሉ ሰብ ዚበዝሕ እዋን ኪሰርሕ: ንቤትትምህርቲ ወይ መዋእለ-ህጻናት ኪኸይድ ይኽእል።

### ናብ ካልኦት ከይተላግብ እንታይ ክትሓስበሉ ዘድሊ ነ ገ ር ኣሎ?

- ውጽኣት ከሎካ ክትሰርሕ የብልካን።
- ድሕሪ ምብጻሕ ሽንቲቤት: ቅድሚ ምግቢ ምሓዝካን ቅድሚ ምምጋብን ኣእዳውካ ኣጸቢቕካ ተሓጸብ።
- ፈሳሲ ሳምናን ናይ ውልቅኻ ሽጎማኖን ተጠቐም። ወይከኣ ተወልዊልካ ዚድርበ መወልወሊ ወረቐት ተጠቐም።ኮፍ መበሊ ዓይኒ-ምድርን መሕጸቢ ገጽ ባስካን ብጽሬት ሓዝ።
- ኮፍ መበሊ ዓይኒ-ምድርን መሕጸቢ ገጽ ባስካን ብጽሬት ሓዝ።
- መሐበሻ (ፓምፐርስ) ዘሎዎም ቈልዑ ተሰከምቲ ሕማም እንተ ኾይኖም: ድሕሪ ምቕያር መሐበሻ ብጥንቃቐ ኣእዳውካ ተሓጸብ። መቐየ ሪ ጣውላ ቈልዓ ብጽሬት ሓዝ። ዝረስሐ መሐበሻ ኣብ ጐማ ኣትዩ ምስ ንቡር ጐሓፍ ገ ዛ ይድርበ።
- ውጽኣት ገዲፉካ ቀልቀልካ ናብ ንቡር (ጽዑቕ) ተመሊሱ እንተ ወሓደ ሰሙን ከይሓለፈ: ኣብ መሐምበሲ/ዕቕር ማይ ኣቲኻ ክትሕምብስ የብልካን።
- ውጽኣት ዘሎዎም ቈልዑ ናብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ኪኸዱ የብሎምን፣ ይኹን'ምበር ድሕሪ ሕክምና ጸረተህዋስያን: ብቐጻሊ ምልክት ሕማም እንተ ዘይብሎም ከም ንቡር ናብ ማእከል ክንክን ቈልዑ ኪኸዱ ይኽእሉ'ዮም። ኣብ ቤትትምህርቲ ህጻናት ዚኸዱ ቈልዑ: ሕክምና ጸረተህዋስያን ጌሮም ምስብቅዑ ዳርጋ ሰለስተ ሰሙን ምስ ሓለፈ ንምርመራ ቅምሶ (ፐሩቭ) ይገ ድፉ።
- ስራሕካ ንዘይተዓሸጉ መግብታት ዚምልከት እንተ ኾይኑ: ሕማም ከም ዝለገ በካ ንዝሰርሓካ ከይወዓልካ ከይሓደርካ ክትሕብር ብመሰረት ኤውሮጳዊ ሕጊ መግቢ ትሑዝ ኢኻ።

ረኸሲ ጃርድያ ብመሰረት ሕጊ ለበደ (smittskyddslagen) ካብቶም ንማሕበረሰብ ሓደገኛታት (allmänfarlig sjukdom) ተባሂሎም ዚፍለጡ ሕማማት ሓደ'ዩ። ስለዚ ሓኪምካ ዚህበካ መምርሕታት ክትክተልን ምንጪ ለበደ ኣብ ምርካብ ዝዕላምኡ ዚግበር ምንዳይ ሕማም ወይ ካልኦት ሰባት ሕማም ለጊብዎም ከይከውን ንምርካብ ኣብ ዚግበር ጻዕሪ ክትሳተፍ ግቡእ ኣሎካ።

ነ ቲ ኣብቲ እትቕመጦ ኣውራጃ (län) ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለበደ (smittskyddsläkaren) እውን ነ ቲ ዝተዋህበካ መምርሕታት ዳግመ-ርእይቶ ኪገብረሉ ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ። ቅድሚ ዳግመ-ርእይቶ ምግባሩ ግን ዝተዋህበካ መምርሕታት ክትክተል ኣለካ።